# <u>መንእሰያትን መድረኽ ጃላነትን፡</u>

**<u>እዚ’ውን ይሓልፍ!</u>**

እታ ቃል ስንብታ፡ እታ ኣብ ዝኾነ ቀውጢ ግዜ’ውን እንተኮነ ኒሕ ተቐኒታ ዝበድሀት ዘይተሳዕረት፡ ንትንግርቲ ከኣ ዘልኣለም ክትዛረብ ኣብ ኣኻውሕ ተወቒራ ብደም መንእሰያት ዝተቐለመት“ **እዚ’ውን ያሓልፍ”** ዝበለት ቃል ኤርትራውያን ተረሲዓ ዶ? እቲ ዘይተሰምዐ ዝህልህል ዘሎ ቃል ጽንዓት ናይቶም ኣብ ፈቐዶ ቤትማእሰርትቲ ህግደፍን ቅድሚኡን፡ ብክሕደት ኣሕዋቶም ዝተሰወሩን ገና ከኣ ኣብ ኣፍደገ ጥፍኣት ክንሱ ከምቲ ናይ ትሕቲ መሬት እሳተ-ጎመራ ጥሒሱ ክነቱግ ዝሕርን ዘሎ ቃል ህሉዋት ሰማእታትና ከይንርስዕ ኣብልብና ሰኒድናዮ ኣብዘለና እዋን፡ ንከህምለና ዝሓለነ ድራማታት ንርኢ ኣለና።

ብኣጋጣሚ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ መንእሰያት ኢዩ፡፡ ከተማና ናቕፋ “መሳርዕና ሓደ፡’ቲ ሩባና ሓደ.........፡ ኣብኣ ትደዮ ሕደጎ፤ ቅልጽም ኩላህና ትድሃኮ.....“፡ ዝብል ገለ ካብቲ ንታሪኽ ዘቐመጠቶ ናስትሮታት፡ ክትሰምዕ ቀንያ ኣላ።“እንታይ ማለቶም ኢዩ” ኢልካ ክሕሰብ ድማ ይከኣል። ንወያነ ድዩ? ንኣመሪካ ድዩ? ንኢጋድ ዲዩ? ንብዓለማ ድዩ......። እቶም ቀዳሞት ገጠምትን ዘየምትን እንታይ ማለቶም ምንባሩ ኣጸቢቕና ስለእንፈልጦ፡ ብስም ኣብ ጓይላ ህግደፍ ዝደረፈ ዝተደርፈ መልእኽቱ ክጥምዘዝ ኣይከኣልን። ትርጉም ናይቲ ብበሊሕ ስነ-ጥበባዊ ዓቕሚ ዝተደርሰን ኣብ ኣእዛንና ዝበጽሐን ዜማ ምስ ታሪኽ ኤርትራ ተሰኒዱ ንመሰል፡ ፍትሕን ሓድነትን ከድምቕን፡ ንዝሓንገደ ከኣ ክድራዕ ከምዘለዎ ክምህርን ክነብር ኢዩ። እቶም ብእዋን ውብ ዝጸመሙ ህግደፋውያን ግና፡ መንእሰያት ውራዮም ከዳምቕሎም፡ ክንእድዎም ዝበሃገ ኢዩ ዝመስሎም’ሞ ተኾድጮም ከኣ ይሕደሩ።

“ ኣብ ጐድኒ ፕረሲደንት ኰንካ ስለዝተሰኣልካ እንታይ ተሰሚዕካ“? ክብል ንሓደ ተሳታፊ ተወኪሰዮ።

“Nothing“ ኢሉ ኣሕጸሮ ንሕቶይ ብታህዋኽ። “እዋእ፡ፕረሲደንት’ዃ ኢዩ”ደገምኩዎ እናተጠራጠርኩ።

“ So what.......“። ኢሉ ኣጽቀጠ።

ኣብዘይመንጠቢተይ ኢደይ ከእቱ ኣይገባኣኒ እምበር ምሕታትስ ኣይገደፍኩን። ንሱ ድማ ጉዳይ ናይታ ከቕርባ ዘይሰለጠቶ ፕረሲደንታዊ ምርጫ መመሊሱ ሓተተኒ። ከምኡ እንተዘይኮይኑ ማሕበር መንእሰይ ፍጹም ትርጉም ከምዘይብሉ ኢዩ ገሊጽለይ። ንዝሃበኒ መብርሂ ካብልቢ ኣመስጊነ፡ ብኣውራኡ’ውን ህግደፍ ዘቑመን ማሕበራውያን ሓይልታት እንታይ ከምዝመስላ ብዓቕመይ ኣብራህኩሉ። ከምንቡር ማሕበራት ብባህረን ናጻ ኮይነን ብምቛም ንመሰል ኣባላተን ክጣበቓ ምተገብአ። እንተኾነስ እዚ ዕድል’ዚ እውን ኣይተዓደለቶን ኤርትራ። ብሃገራ ብኣምሳልን ዊንታን ገዛእታ ክትዕምጸጽ ስለዘለዋ። ዕላማ ናይቶም መድረኽ ብጫን ቀጠልያን ካናቴራታት ዘሕለፉ ’ህግደፋውያን’ መናእሰይ ሎሚ ቀይሕ ሕብሩ ብምኽዳኖም ምስቲ ዝተመደረሉ ዕላማ ማዕረክንደይ ከምዝቃረን ተገንዚበ ከኣ ንወደብቱ  ኣውራ እሞ ንክቡር ፕረሲደንት ብሕልናይ ደሪቐ ጠመትኩዎ። ንሱ’ውን ሓሳባተይ ከምዝተረድአ ኣዒንቱ ኣንጎልሒጡ ቀጽኣኒ። ኣብቲ ናይ ውሉዳትን ኣቦሓጎን መስርዕ ብሓቂ እንተዘይመርሖም ምሓሾ ። ንሱስ ኣብመንጎ መሳቱኡ ዝያዳ ምማዕረገን ምመርሐን።እንተኾነሰ ዝልእኮም’ምበር ዝመርሖም ከምዘየድልይዎ ከምዛዋዛ ብወግኢ ኣዊጁ ኢዩ። ክልተ ትውልዲ ኣሕሊፉ ክመርሕ ካብ ኣብሃጎ ግዳ እቶም ሰብቀይሕ ካናቴራ ድዮም ብዘይ ዕድመኦም ብሰለስተዕጽፊ ኣሪጎም ዋላስ ንሱ ብክንድኡ መጠን ወሪዱ? ተሰሪዖም እንከለዉ ኣነ ድማ ብልበይ እንታይ ይሓስቡ ከምዝነበሩ ንልቢ ክልቲኦም ክፍትሽ ኣይተጸገምኩን። እቲ ናይ ኣቦሓጎን ውሉድን ክልተ ልቢ፡ ክልተ ብልሒ ከኣ ነይርዎ። ሰባት ልቦም ይወሃሃቡ ኢዮም፡ ብፍቶትን እምነትን። ኣብቲ መስርዕ ግና ኣይከምኡን። ኣብሞንጎ “ንዓኹም ”ውን ከርክበልኩም ኢየ“! ዝብልን፡“ ኣይፋል ከምቀደም ከይመስለካ ውሕጅ ከይወስደካ“ ዝብልን ናይ ጉርሒ ኩናት፡ ናይ ተፋጠጥ መድረኽ ምንባሩ ግሁድ ነበረ። መሸም ፖለቲከኛ እንተኣሪጉ ምሒር ኢዩ ዝዕሹ። ብቐንዱ ድማ መድረኽ ስንብታ ዘራትዖ መንከማይ በሃሊ ስዕረቱ መራር ኢያ እምበር ኣብ ከምኡ መዓስ ምተወደቐ!!

እታ ሸያጢ ዘይብሉ ዓዳጊ ልቢ ዘአንገደት ከተማ ናቕፋከ እንታይ ኮን ትሓስብ ትነብር? እዛ ብናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ምርብራብ ዝተሓረረት ቀዳመይቲ ከተማ፡ጉባኤታት ምእንጋድ ከኣ ባሂሊ ገይራቶ ኢያ። ኣብ ታባ ብራውን ደይብካ እንሆ እንዳዱባለ፡ እነዋለ ጻዕዳን ወልዳትን ዝተሰውኡለን ታባታት፡ እንህት ዳዊት ፍስሃየ/ ወዲፖሊስ/ ኣዒንቱ ዘወፈየላ ክብል ክኢለ። ቀጸልኩ ብሕልናይ ምስ ንበይነይ ዝረየኒ ንሰሜናዊ ወገን ናቕፋ ናብ እንዳ ሚስዮን። ኣብኡ ጸኒሖሙኒ ኣባላት ፖለቲካዊ ምንቅቓሕ ብዓል ሃይለ ድሩዕ። ቀጸልኩ ንታባ ዓሰርተን መዓልቲ መስዋእቲ ናይቲ ማንጁስን ብቑዕን ናይ ዘመነ-ካልኣይ ወገን ሰልፊ ናጽነት ብጻይና ኢሰይያስ ተወልደ/ ወዲፍላነሳ/  እንተላይመዋድቓ ናይቲ ብኹሉ መዐቀኒ ትሕጃ መጻኢት ኤርትራ ዝነበረ ኢብራሂም ዓፋ።

ኦይ!! ገለ ኣስማት ምጥቃሰይ ብሓለፉ ምጥማተይ ኣይኮነን። ሓለፉኡ፡ ኩሉ ነገር ነገራት ስለዘለዎ ጥራይ ኢዩ’ሞ ይጽናሓለይ ድኣ በልኩ ብልበይ። እንተኾነ ኣይጸንሓለይን። ኩሉ ሰሰሜኑ ንዕርብርቦት ኤርትራዊ ከምዘንቀደ፡ ካብ ቦታ መጭወይቲ ክሳብ ባሕረ-ማያዊ ጋህስታትን፡ ቀባሪ ስኢኑ ፈቀዶ ምድረበዳታት ተሰንድዩ ዝደረቐ ሬሳታትና፡ከምኡ ድማ እቲ ዕሙር ዕዳጋ ውሽጣዊ ኣካላት መንእሰያትና እንክዝከር ንከተማና ዝውከስ ሓደ ሕቶ መጽኣኒ። ኣብምን ትምንታይ ድዩ ድኣ ነይሩ’ቲ ኩሉ መስዋእት ስንክልናን?

ናቕፋ ብዓልቲ ሕድሪ ከምምዃና መጠን ብሓቂ ድማ መልሲ  ጸኒሕዋ ኢዩ። ብዛዕባ ውዕሎኣ ስለዘይትጠራጠር፡

ነቲ ናይ 94 ዝነበረ ሕድሪ ከተተግብር ኣለዋ። ሽዑ ምትካል ህዝባዊ መንግስቲ ዓንዲ ማእከል ኢዩ ዝነበረ። ነቲ ጠላም፡ ነቲ መብጽዓ ዝረገጸ ከተርክበሉ ኢያ በቶም መንእሰያታ ገይራ። ንሳቶም እቶም ሰብ ቀይሕ ካናቴራ ምእንቲ ቅዋማዊ መንግስቲ፡ ምእንቲ መሰሎምን ምሰል ኩሉ ኤርትራውን ከምዝስለፉ ቅንጣብ ኣይተጠራጠረትን ነብሰይ።

ነገር ቅዋምን ቅዋማውነት ካብ ዘከርና፡ እሳ እታ ዕላማ ኩላህና ክንሳ ህግደፍ ምስደለዎ ዝረጥረጣ ውሕስነትና፡ ሎሚ ክትበራበርን ብዛዕባኣ ብዙህ ርኢቶታት ክስንዘርን ክንርኢ ጽብቕ ኢዩ። ንምንታይ ኩሉ ምስማዕ ድማ ስለዘለና ገለ ብሃይማኖታዊ መገዲ ክትንከፉዋ ዘይደልዩ፡ ገለ ከኣ ናይ ባዕሎም ቅዋም ሰሪሖም ክሳብ ሓፋሽ ዘእምኑ ዝጽበዩ ከምእኒ ህግደፍ'ውን እታ ድሮ ተዳልያ ዘላ እንተተተግቢራ ቀታሊቶም ስለዝኮነት ብዙሕ ወለቕዘለቕ ንርኢ ኣለና። ነቕልበሉ ከምዘለና ብዛዕባ'ቲ ናይ ሓባር ዕላማና ዝኾነ ዕላል ዛዕባ ቅዋም ሃጢሩ ቀንዩ እንሆ። ኣብታ ውዕሎ ወርሒ መስከረም ከተአንግደና ተኣማሚንና ማዕረ ቲቪ ኤረ እንኸፍታ ፈነወ ኢንተርኔት መስከርም ዝጸንሓና ከሰንብደና ዝሓለነ ንርእሱ ሰንባዲ ዜናታት ግና ኣይውዕሎ መስከረምን። እታ ተስፋ፡ ጽንኣትን መቐይሮ ወቕትን እተበስር መስከረም ብሓቂ ተመራሲሓ! ኮነ ኢልካ ከደናግር ዝተኣለመ፡ ሓሳባት ሰብ ክሰርቕ ዝሓለነ፡ ብሁል ክጥምዝዝ ዝፈተነዜና ሰሚዕና። ኣይትጽልኡና ኣይትጸላልኡና፡ እኚድኣ ርኢቶና ከምእትድግፍዎ እንዳተኣማመንና ገለ ኣብነታት ክንጠቅስ እንሆ፡-

**እቲ ዘሰንበደ ዜና ምትእኽኻብ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ሽረ እንታይ ዘሰንብድ ኣለዎ?** እቶም "ወያነ" እናተባህለ ምንነቶም ዝጅላሕ ኤርትራውያን ድሮ ኣብ ኢትዮጵያ ብዕጥቂ ይቃለሱ የለዉን ድዮም? ኣብ ዜሮ ሰዓት ንናይ ውሽጢ ናዕብታት ንሳቶም መሪሖም ከይምርሹ እንተኾኢኑ እቲ ዘሰንብድ፡ ንሱ'ሞ ኣይተርፍን ኢዩ።"ጻላእቲ ሃገርና ንቅዋምና ጅሆ ሒዘሞስ ከመይኢልና ኢና ሰቕ ኢልና ክንርኢ" ኢሉ ዝጀመረ ርኢቶ ቅሩብ ከይተጻወረ "ቅዋም እን ተዝትግበር ንኢሰይያስ ምጠቐመ" ክብል ንገዛእ ጠመተኡ ጀሊሕዎ። እዚ ማለት ቅዋም ብምድስካሉ ረብሓ ፕረሲደንት'ውን ተጎዲኡ ብማለት ከዐሸወና ዝሃቀነ ርኢቶ ብኣጋጠሚ እንተኾይኑ እርማት የድልዮ ኢዩ። እንተዘየሎ ቅዋም ማለትና እቲ ህዝቢ ዘጽደቐ ማለትና ምኺኑ ክፍለጥ ኣለዎ እምበር ኢሰይያስ ድኣ ብቐዋሙ እንድዩ ዝኸይድ ዘሎ። ብዛዕባ ህግደፍ ከም ዋናኣ መጠን ንቅዋም ተዓጢቕላ ምህላዉ ድማ መርሓባ ንብሎ። ክትጠቅሞ ድያ ክትበልዖ ጥራይ እንዶ ብግብሪ ይጀምራ!! ማዕዳኹም ድማ መዓስ ምተጸበየ፡ እምበር መድረኽ ድኣ ገለ ነገር'ኮ ይጠልብ ኣሎ። ነዚ ክብለጸሉ ህግደፍ ገለ ከምዝፍሕሰ ክንጽበዮ ኣለና።ነቲ ስርዓት ለሚንካ ከምዘይኸውን ንዘውስአ ሓሳብ'ሞ ልክዕ ኢዩ፡ ገናኸ እንታይ ይገበር ። ተቓለስትና ኣብ ሰላማዊት ዕርዲ ተሰኺዖም ድዮም ብዘገምታ ካብ ሓነቕቲ ከናግፉዋ ንቅዋም? ዝገደደ ብሂል ከኣ ጉዳይ ቅዋም ቀዳምነቶም ከምዘይኮነ ምግላጾም ኢዩ። እዚ ሰባብ ዘረባ'ዚ ቃልንቃሉ ድግማ መደረ ፕረሲደንት ብምኺኑ ክገርመና ኣይግብኦን። እቲ ገና ሕቡእ ኣጀንዳ ኰናት የቕለልዎም ስለዘሎ፡ ምስ ምትግባር ቅዋምን ምርጫን ኣይኪቃደወሎም ኢዩ። "መጥፍኢየይ ይብራሃኒ" ከምዝበሃል፡ እምንቶ ወርቂ ብዘይስምምዕ'ውን ብባህሩ ጸራግ መገዲ ናብቲ ብስም ወሳኒ ዝተጠመቐ ሽይጣን ዝዓሽሮ ኣብዳሚ ኵናት ከየምርሐ ጾድኣ ክተርፍ ኢሉ። ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመታት ይሕለፍ እምበር እቲ ዝተሓብኡሉ ዝመስሎም ዕርዲ ከምኡ ኢሉ ኢዩ ዘሎ። ዝኾነ ኮይኑ ቅባጸቱ ከኣ ንተጸበይቲ ጸንዓት ስለዝፈትረሎም ኣይጽላእን።

ኣብ ሓደ ንኡስ ዓንቀጽ ድማ "መድረኽ ቅዋም ብወግዒ ምኽፋቱ፡ ብዋናታቱ" ክብል ምስቲ ፕረሲደንት ገና ጸላእቲ ስለዘለዉዎ ንሰብ ባህ ክብሎ ኢሉ ቅዋምን ምርጫን ከምዘይገብር ዝመደረሉ ምስሊ ብምንታዩ ከምዝመሳሰል እንድዒኸ። እቲ መዘናግዒ ቀጺሉ ሓድሽ ዓይነት ህድማ ከምዝጀመረ ብስእሊ/ካርቱን/ ኣሰንዩ ኣቕሪብዎ ኣሎ።ወይ ጉድ!! ሕራይ በሉ ምበልና፡ ግናእንዶ እቶም ክሰርቆም ዝረኣይዎ ምንእሰያት እሞ መዓስ ክመልሰሎም ክኣምንዎ ኮይኖም። ስለዚ እቶም ብምምላስ ናይቶም ያኢ ምሕረት ዝተገብረሎም መንእሰያት ዝተሰከፉ ሰብ ላንድክሩዘራት፡ ደለልቲ፡ ሸየጥቲ ናይቶም 90% ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብቶም ዝተሸጡ፡ከምኡ ከኣ ዋጋ ናይ ኣብሲና ዝተሸጠ ኤርትራዊ ኣካላት ኣብ ኣስመራ ኮይኖም ዶላራት ክቕበሉ ዝጸንሑ ገበነኛታት 'ደቂ-ኣስመራ' ኣይሰከፉ ድሓን። ዝለኣኾም እምበር ዝፈርዶም መንግስቲ ስለዘየለ እንታይ ኣሰከፎም ይቕጽልዎ ድማ ኣለዉ። ብርግጽ ከሰክፎም ዘለዎ ከነዘኻኽሮም እንተደልዮም ግዳ መወዳእታኡ ለኣኺኦም ህግደፍ ከምኣመሉ ክጠልሞም ክስልበጦም ምኻኑ ካብሕጂ ክፈልጡን፡ ምስጢሩ ክዓብጥ ድማ ክቐትሎም ከምዝኾነ ብእዋኑ ክስከፍሉ ንምዕዶም።

ብዛዕባ'ቲ እምብዛ ዝተጎስጎሰሉ መደረ ፕረሲደንት ህዝቢ ኤርትራ ብዓንተቦኡ'ውን ጽብቕ ስለዘይተጸበየ ሽለል ኢልዎ ነይሩ ኢዩ። ጠዊቕም ጠዋዊቕም ካብ ኣዛረብዎ ግና ገለ ካብቲ ዝበሃል ዘሎ ከነውጋዓኩም።

ሕቶታት ስሌማን ዓበ ኣይከምቲ " <u>**መወዳእታ ፍልስፍና፡ መወዳእታ ታሪኽን ፍልስፍና ዓለማዊ ማሕበራዊ ፍትሒ"**</u> ዝብል ኣጀማምራኡን። ናይቲ ዝተጠቕሰ መወዳእታ ካብተበጽሐስ ገለዶኾን መንፈስ ሃዋርያ ሕሹኽ ኢለሞ'ሞ ትንቢት ጥፍኣት ዓለም ተኸሲትሉ ኢልና ከይተጸበና ኣይተረፍናን። ክኢላታቱ ንዘለውዎ ኣመሃህራ ሰዋስው ቛንቛ ዘድሃበ ዕንኪላሎ ምስኮኖ፡ ጋዜጠኛ ድማ መለሳ እንተኾነ ግዲ ሓሲቡ ብዛዕባ ፕረሲደንት ኣብ እግሮም እናስመረ/ ኢና ኣጉለሐ/ ንዘንበቦም መጻሕፍቲ ዘኪሩ ከምዛ እንታይነቶም ምፍላጥ ዘድለየቶ መብርሂ ሓተተ። ሓቑ ኢዩ ስሌማን፡ ክቡር ፕረሲደንት ኣዒንቱ ከሳብ ዝቑልዕ መጻሕፍቲ ክገናጽል ይሓድር ይኸውን። እንተኾነ እዚ ሕቶታት'ዚ ወዝቢ እንተኾይኑ ዝመጽእ ዘሎስ፡ **ኣብ ኣመሪካ ከኣ ንምኳኑ ፕርሲደንት ይድቅስ ድዩ፡ ዝድቅስ እንተኾይኑኸ ኣብ ንቡር**

ሓደራኹም። ስሌማን ዓበ መልሲ ፕረሲደንት ድሕሪ ምስማዕ ዘቕረባ ሕቶ ናይ ባዕሉ እንተኾይና ሓቁ ኢዩ። ክንድቲ መጻሕፍቲ ካብ ኣንበበስ ኮን ዶኾን ካብዚ ጸበባና ዘናግፍ ገለ ፍታሕ ኣይረክብን ዘበገሶ ሕልና ይኸውን ኢልና ምሓለፍና። **እዚ ከኣ ምስ ምዕላቕኡ ዝቑጸር ኣይምኾነን።** እንተኾነ ዓለቀኡ እንታይ ማለት ኢዩ? ዝግደስሉ ይሕተትሉ ብወገነይ በቲ በዓልሞያ መንእሰይ እተኣማመን ኢየ። ንሱ ሓደ ካብቶም ካልኦት ብሉጻትና ኣዳለውትን ኣቕረብትን፡ ግዱሳት፡ ትጉሃትን ሰብ ኒሕን ኢዩ። እንተኾነስ ክሳብ ክንድኡዶ ምንጋጋ ኣንበሳ ከፊቱ ብዝሕን ብልሕን ናይቲ መቖርጠም ደቂ-ሰባት ኣስናን ክዕዘብ ይኽእል ኢዩ? ንሱ ሓደ ከምቶም ተቐፊዶም ዝሓቐቑ ዝተደፍኑ፡ ከምቶም ካብ ገዛእ ስራሖም ዝተባረሩ፡ ከምቶም ዕረ እናጠዓሞም ንዘይኣምንሉ ዝጽሕፉ፡ ተዳልዩ ንዝመጾም ዘቃልሑ ኢዩ። ብናይ ይምሰል ናጻነት ጋዜጠኛ ነታ ተዳልያ ዝመጸቶ በላ ዝተባህለ ጉዳይ ቅዋምን ምርጫን ብዘለዎ ድፍረት ምስኣራገፋ ብዛዕባ ዝመጽእ መልሲ ክጽበ ዝመሰሎ ምስሊ ብሓቂ ናጻነት ጋዜጠኛ ርኢናዮ ኣለና። እንተ'ቲ ካብ ንባብ ፕረሲደንት ዝተደለየ ፍታሕ እሞ ወይከ። እቲ ዘንበቦ መጻሕፍቲ እንታይ ክኸውን ስለእንሓስብ ኢና ተጸቢና ነብስና እንተን ሓታ ምሓሸ። እምበር ንሱስ ንኣብ ዓለም ዘሎ መጽሓፈ ፈላሊኻ ግዛእ ልዕሊ ፈልሰፍቱ ናፖሊዮነ-ማኪያቨሊ.ታት፡ልዕሊ ተግበርቱ ስታሊነ-ሂትለራት ቆራጢምዎ ስለዝኾን፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኣፍ ስሌማን ዓበ ኣቢሉ ንዘቕረበሉ ሰላማዊ ፍታሕ ከምቀደሙ ከምዘየዋጽኦ ጥራይ ዘይኮነ ገና ሕጂ'ውን ናይ ኵናት መደባቱ ኣተንቢሁ ኣሎ። እቲ ውጥም ድንዕ ምንዕ ኵናት መወዳእታኡ ክዉን ክከውን ኢዩ። ንኵናት ሰቢሕናሉ ንቕኒ ጥራይ ይግበረና!!

ጉዳይ መንእሰያት እቲ ካልእ ፍታሕ ዝደሊ መዛረቢ ነይሩ። ብዛዕባ ስለምንታይ ህድማን፡ እንታይከ ምግባርን ዘልዓለ ከይመስለኹም። ብዛዕባ መንእሰያት ከምኡ ምሕሳብሲ ናትኩም ስለዝኮነ ንዕዑ ኣይዓጦን ኢዩ። ንሳቶም ያኢ ነቲ ሓንሳብ ዘምለጥሉ ቤት ማሕቡስ ክምለስዎ የወናውኖም ከምዘሎ.......፡ ስለዚ ዓመታዊ 15 ሽሕ ዶላር ኣዋህሊሎም ኣብ ዓዶም ወፍሪ ተራእይዎም ክምለስዎ፡..........፡ ሽዑ ኢዱ ዘርጊሑ ክቕበሎም ስለዝኾነ ጽንጽያ ኣዒንቶም ዘንፍረሎም ከምዘየለ፡ እንተኮነስ ክሕተቱ ኣለዎም:፡ መንኢዮም? እቶም ዝተላእኩ?እቶም ኣሕዋቶም ሸይጦም ቀቲሎም ዝኹዱ? ብመሰረት እተገብረሎም ሙብጽዓ ዝተመለሱ ድዮም ካልኦት? በየን ከ ወጺኦም? ካበይን ክንደይን ሒዞም ተመሊሶም? ምስቲ ኣብ ሕቖኦም ዘሎ ዕዳ ተወራሪዱ ብኪ ክተርፉ፡ ከምቲ ናይ ቀደምና ጥበብ ሓለዋ ሰውራ'ውን ፍሉይ ምልክት ተገይርሎም፡ ካልእ መደብ ስራሕ ስለዘየለ ጥራይ ዘይኮነስ ንምብላዖም'ውን ክጥዕም ምእንቲ ኣብ ሰራዊት ክምደቡ፡ መወዳእታኡ ዳግማይ ክሃድሙ ክተሓዙ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣተዉ ዓሶ ርእሲ ክትምንጥሎሞ፡ ከምሓርበኛታት ድማ እንተ ብሙሉእ እንተ ብምዝሑቕ ኣካላቶም ኣሃዱኦም ባዕላ ክትቀብሮም..........።

ሕልሚ ደርሆ፡ ሕልሚ ደርሁ ጥራይ ከይመስለኩም። ምኽንያቱ ንሱ ብዝኾነ ተኣምር ብኣረጊትን ጠላምን ኣእምሮ ከታልሎም ኣይኽእልን ኢዩ። ኣይኣምንዎን ከኣ ኢዮም። እንተ ንሱ ገናገና!! መሸም እታ ምሕካኽ ኤርትራውነት ጻዓዱ ኣይከኣሉዋ ጸለምቲ ገዛእቲ። ናይ ሕጂ ግና እዋናዊት ኢያ። እንተኾነ እታ ዕላማ ፍጹም ተቀላዒት ኣይኮነትን ጥልመት ከኣ ብወዝቢ ድዩ ብዕላማ ኢልኩም ኣይትደናገሩ። ንኤርትራ ኩሉ ሓዲኣ ስለዝኮነ። ሓንቲ ሓቂ ግና ኣላ። ንሳቶም እቶም ገበርቲ እከይ ኣብ ዝመሰዮም ክሓድሩ ኢዮም። ኣንታ ኤርትራ ጥራይ ዝትጽቢትካኸ?

በሉ እቶም ሃገር ኣላትና፡ እንተኮነ ብዓብላልነትና ፡ ብጥበብና፡ ብሓድሽ ቁዋምና እንተዘይኮይኑ....፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ብሰለይታ ከነርክበሉ ኢና ኢልኩም እትሓስቡ፡ ሓሳባትኩም'ኳ ሕማቅ እንተዘይኮነ፡ ለውጢ ብዘይተመደበ ብሃንደበት ምስነቶገ፡ ሃገርኩም ናብ ብዘይምድላዋት ዝመጸ ለውጢ ናብ ሓደጋ ተእትዉዋ ከምዘለኹም እንተትርድኡ ምበለጸ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓላፍነት ትስከሙ ዘለኹም ናይ ውሽጥን ወጻእን መንእሰያትከ ምድላዋተወኩም እንታይ ይመስል?

እዚ ኩሉ ዘመላኽቶ ነገር እንተኣልዩ፡ ንመድረኽ ጃላነት ኢዩ'ሞ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ ኣርእስቲ መፈጸምታኡ የርእና ድሕን ቀንዩ።

ጎደፉ።